# ንወደብ! ይኣክል እኩል ኣይኾነን ።

ኣብ ዝኾነ ህዝባዊ ቓልሲ ንፍትሕን ዲሞክራስን ኣንጻር ምልክን ዓመጽን ከይተወደበ ዝተዓወተ ሓይሊ የለን ። ስለዚ ኩሉ ኤርትራዊ ነዚ ዓመጺ ሃገር ከዲዑ ዘሎ ሜራሒ ጉጇለ ህግደፍ ደጊም ዘደናገርካና ዓመታት ይኣክለካ ሕጂስ ዓድና ግደፈልና ዝብሃል ዘሎ ጻዋዒት፣ ግዜኡ ሓሊፉ ዝመጸ ኣገዳሲ ምዕብልና ኣብ ጉዑዞ ደማብ ተወቓውሞ ንሰላምን ፍትሕን እዩ ። ኤርትራውያን ዝጽበየና ዘሎ ክቢድ መጻኢ ምኳኑ ካብ ሕጂ ክነስተውዕለሉ ዝግብኣና ሓቂ እዩ ። ምክንያቱ እዚ ከዳዕ ጉጇለ ኩሉ ትሕተ ቅርጻን ልዕሊ ቅርጻን ኤርትራ ከምሃገር ደውክትብል ክገብራ ዝክእል ፈጺሙከም ዝዓኑ ገይሩዎ እዩ ። ስለዚ እታ እንርከባ ኤርትራ ኣብ ኩሉ መዳያት ፖሊቲካውን ኤኮኖሚያውን ማሕበራውን ወተሃደራውን ህወት ካብ ባዶ ንምህናጻ ዝጽበየና ዘሎ ጉሁድ ብድሆ እዩ ። ነዚ ከቢድ ጾር ክንሰግሮ እንክእል ኩልና ብሓደ ድምጺ እወ ንፍትሒ፣ እወ ንሰላም፣ እወ ንዲምክራሲ ክንብል ኣሎና ። ዲምክራሲ ሕብሪ የብላን ፣ ጸሊም፣ ጻዕዳ ፣ ብጫ፣ ወይ ቀይሕ ኣትብሃል እውን ኣይኮነትን ። ብካልእ ኣዘራርባ ኣውራጃ ብሔር ሃይማኖት ቆላን ደጋን እውን ኣይትፈልጥን እያ ። ዲሞክራሲ ኣብ ዝደለኻያ ሰዓትን መዓልትን እተምጽእ እውን ኣይኮነትን ፣ ብትምህርቲ ኣብ ዘይበሰለ ህዝቢ እግሪ እውን ክተኽል ኣይትክእልን እያ ። ብሓጺሩ ነውሕን መሪርን ቓልሲ ክህሉወና እዩ ። ምክንያቱ ጽረ ሰላምን ዲሞክራስን ዝኮነ ሓይልታት ክፍጠሩ ምሉእ ተክእሎ ከምዝሎ ተዳሊናሉ ክንጸኒሕ ኣሎና ። እንተኮነ ብጽፉፍን ቁኑዑን ራኢ እተሰነየ ወደባን ሞርሕነትን ብዓወት ክንሰግሮ ኢና ።

ውደባ ብዕድሜዓቢይን ንእሽቶይን እናበልካ ዝፈለለ ኣይኾነን ። ውደባ እኩብ ድምር ናይ ዓበይትን መንእሰያትን ኣብ ሓደ ራእን ኣተሓሳስባን ዝኣምኑ ክኸውን ኣሎዎ ። ዜጋታት ኣብ ዝተፈላላለየ ማሕበራውን ኣካዳሚያውን ዓቅሞምናይ ምውዳብ ጻዋዒት ምስዚ ሕጂ ዘሎና ሓጺር መድረክ ሃገር ንምድሓን ዘዋጽእ ኣይኮነን። ብተወሳኺ ኣውራጃዊ ኣዋዳድባ ሰውራ ካብ ዝጅምር ተፈቲኑ ክፈሽል ጸኒሑን ኣሎን ። እቶምብስምኣውራጃታት ባይቶታት ማስሪትና እንቀሳቀስ ዘሎና ከንቲባታት፣ እዚ ወደባ እዚ እንተ ዝተርፈና ምሓሽ ። ምክንያቱ ኣብ ቅድሚ ዓይንና ናይዘን ዝጸንሓ ውድባት ኣውራጃዊ ምትእክኻባት ክቅጽል ከምዘይከኣለን እቲ ምፍልላይ ካብ ኣውራጃ ጅሚሩ ክሳብ ወረዳታትን እንዳታትን ከምዝወርደ እተሰወረና ኣይመስለልን ።

ንኣብነት ኣብ 1965 ጀብሃ ኣብ ክፍልታት ተመቓቒላ ነይራ ። እዚ ከኣ ዘመ ክፍልታት እናተባህለ ይፍለጥ ። ብካሊእ ኣዘራርባ ኣብ ኣውራጃታ እያ ተመቓቒላ ዝነበረት ። ቀዳመይቲ ባርካን ሳሕልን ፣ ካልኣይቲ ሰንሒት ፣ ሳልሰይቲ ኣከለጉዛይን ሰራይየን ፡ ራባዓይቲ ሰምሃርን ደንከልን ፣ ሓማሽይቲ ከኣ ሓማሴን ነይርን ። ስለዚ እዚ ኣወዳድባ እዚ እቲ ተጋዳላይ ኣይተቀበሎን ። ምክንያቱ

ኣንጻር ጸላኢ ምትሕግጋዝን ምትሕብባር ክይህሉ ምኽንያት ኮይኑ ስለ እተረኸበ፣ ሓደ ወገን ኣብ ኹናት ምስ ጸላኢ ገጢሙ እንከሎ፣ እቲ ካልእ ወገን ኣብ ክንዲ ምሕጋዝ ተዓዚቢ ክከውን ስለ እተርኣየ ። በዚ ምኽንያት እዚ ተጋዳላይ ሓድነት ናይ ሓይልታት ሰውራ ክህሉ ኣሚኑ ሉን ተንቀሳቒሱ ሉን ። ኣብ 1968 ከኣ ሱሉሳዊ ሓድነት ክፍልታት 3 ,4 ,5 ኣመዝጊቡ። ካብዚ ቀጺሉ እንደገና ብ1969 ናይ ኣዶብሓ ጉባኤነተን ክልተ ተሪፍን ዝነበራ ክፍልታታን ዝሓወሰ ጉባኤ ተገይሩ ። እዚ ከኣ 38 መርሕነታት ዝተመርጹሉ እቲ ብቕያዳ ኣልዓማ ዝፈለጥ እዩ ። እዚ ክልተ ጉባኤታት እዚ ኣብ ጉዳይ ሕቶ ሓድነት ኤርትራውያን ክሳብ ሎሚ እቲ ዝለዓለ ፍጻሜ እዩ ። ጉባኤ ኣዶብሓን እውን ናቱ ድገፍትን ተቓወምትን ኣመዝጊቡ ሓሊፉ። እቶም ብውጺኢት ኣዶብሓ ዘይዓገቡ ሰለሰተ ጉጂለታት ህዝባዊ ሓይልታት ብሓባር ድሕሪ ምስራሕ ብሓድነት ህዝባዊ ግምባር ክምስርቱን ሃገር ነጻ ክውጽኡን በቒዖም። ስለዚ ሓድነት ሃይሊ እዩ።

እዚ ሕጂ ዝድለ ዘሎ ውደባ ከምቲ ዝሓለፈ ህግደፍ እንተ ወደቀ ኣብ ኾረሻ ስልጣን ኾፍ ክብል ዝሓስብ ክኸውን የብሉን ። ስልጣን ምድላይ ሕማቕ ኣይኮነን ። እንተኾነ ግዜ ቦታን ተጸቢኻን ሓሊኻን ክግበር ይግባእ ። ሕጂ ኩሉና ተደሚርና እዚኣ ሃገር ኤርትራ እትብሃል ካብ ካርታ ከይትድምሰስ ንምድሓና ምስ ግዜ እንጓየየሉ ሰዓት እዩ ። ውደባ ናይዚ ሕጂ ዝድለ ዘሎ ሓይሊ ከኣ ነቶም ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘለዎ ነቲ ሞትን ስቓይ ህግደፍ ለይትን መዓልትን ድራሮም ምስሖምን ኮይኑ ዘሎ ደለይቲ ፍትሒ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሃገር ንምድልዳልን ስጉምቲ ክወስዱ ሞራላውን ንዋታውን ሓገዝ ምውፋይ እዩ። ህግደፍ ምስ ተጓሕፈ እቶም ከንቲባታት ክምኸውን እንደሊ ብሕጊ ዲሞክራሲ ኣብታ ኣተወለድናላ ዓዶብና ከድና ኣብ ባይቶ ኤርትራ ወኪል ኹም ክኸውን ምረጹኒ እልና ካብ ዓዶብና ተመሪጽና ወይ ተወኪልና ኢና ክንመጽእ ዘሎና ። ምኽንያቱ ስልጣን ምንጩ ህዝቢ ስለ ዝኾነ ። ከምዚ ከዳዕ መራሒ ህግደፍ ኣብ መጀመርያ ነጻነት ኤርትራ ኣብ ዓዲ ጣልያን ዝሃቦ መግለጺ ናብ ህዝቢ ኤርትራ ቀሪቡ ምረጹኒ ከምዝይብል ኣዊጁ ነይሩ ። ስለዚ እቲ ቅዋም ዘይምትግባሩ ይኹን ምርጫ ዘይምግባሩ ሓዲሽ ነገር ገርና ኣይንርኣዮ ። ሕጂ ግን ንሕና ቅዋም ክትግበር ኣሎዎ ምባል ቀዳማይ ዕማምና ክኸውን ኣሎዎ

ኣብ መወዳእታ

ከምቲ ህግደፍ ዝብሎ ሓደ ህዝብን ሓደ ልብን ዘይኮናስ ፣ ሓደ ህዝቢ ክንከውን እንኾሎና ድልየትናን ኣታሓሳስባናን ክፈላለ ናይ ግድን እዩ ። ስለዚ ዝኮነ ዜጋ ብደስ ዝበሎን ዝኣምኖን ዓይነት ውደባ ክውደብ ማሳሉ እዩ ። እዚ ማለት ኣብ ጉዳይ ልዑላውነት ህዝብን ሃገርን ኩሉ ግዜ ብሓደ ደውምባል ግዴታ እዩ ። ነዚ ይኣክል ዝብል ዘሎ ሓፋሽ ህዝቢ ንምጥርናፉ ሓደ ካብ ዝስረሓሉ ዘሎ ራኢ ካብቲ ውድበይ ውድብኻ ዝብል ሽንኮለል ወጺእና ኣብዚ ሓድሽ ውድባትና ኣፍሪስና ክንሃንጾ እንጓዓዝ ዘሎና ትሪኻዊ ስጉምቲ ኩሉ ኤርትራዊ ማለት ብልዑላውነት

ኤርትራን ፣ ዶብና ክሕንጸጽን ፡ ናብ ፖሊትካን ሕልናን እሱራት ክፍትሑ፣ ቅዋም ክትግበር ዝኣምን፣ ምስና ተሓዊሱ እታ ንእሽቶይ ጸጸሩ ክስንዱ ንጽዊዕ ። ቀንዲ ዕማምና ብዘይ ወዓል ሕደር ብቅልጡፍ ህግደፍ ካብ ስልጣን ምእላይ እዩ

ዘለዓለማዊ ዝክሪ ንስውኣትና

ክብሮምግረነት

3/20/19

3/ 16/19